**ርእሰ-ዓንቀጽ፡-**

# ቃል - ይከበር!

ቃልካ ምኽባርን ኣብ ቃልካ ምጽናዕን ልዕሊ ኩሉ፡ ናይ ሕልና ርውየትን ናይ መንፈስ ዕረፍትን ዝህብ ወረጃ ባህሊ እዩ። ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ቃል ምኽባር ከም ባህሊ ምምዕባል፡ ኣብ ሕድሕዱ ዝተኣማመንን ዝከባበርን ብኀደና ምዕባለ ዓቕምታቱ ጠሚሩ ክምርሽ ዓብይ ዓቕሚ ዝፈጥረሉ እዩ።

ኣብ ቃልካ ምጽናዕን ቃልካ ምኽባርን መለለዪ ሕላገት ህዝብታት ኤርትራ እዩ እንተተባሃለ ምግናን ኣይኮነን። እንተኾነ ግን ወረጃ ባህልን ውርሻን ህዝብታትና ዝኾነ ቃልካ ምኽባርን ኣብ ቃልካ ምጽናዕን ዝብል፡ ብፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ብተደጋጋሚ ብጥልመትን ክሕደትን እናተተከአ ብምምጽኡ፡ ሃገራዊ ሓድነትና ኣብ ፈተና ክወድቕ እናኾነ ዝመጻሉ ኩነታት ይረአ ኣሎ።

ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ገና ካብ ድሮ ሓርነት ጀሚሩ ንህዝብታትና ዝኣተዎ ቃል ብተደጋጋሚ እናኸሓደ ስለዝመጸ፡ ብህዝብታትና ቶባ ተባሂሉ ክፍንፈን ናብ ዝኾነሉ ደረጃ ወሪዱ ምህላው ሕርሕራይ ጌርና ንምልከቶ ዘሎና እዩ። መብጽዓ፣ ጥልመትን ክሕደትን መለለዪ ሕላገቱ ዝኾኑ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራ መወዳድርቲ ኣልቦ በደል ብምፍጻም፡ ንሓደጋ ብርሰትን ምብትታን ክሳጥሖ ገይሩዎም ይርከብ።

ህዝብታት ኤርትራ ልዕሊ ኹሉን ቅድሚ ኹሉን ኣብ ቃሉ ዝርከብ ሓይሊ ተቓውሞ ከምዝናፍቑ ብግቡእ ክንግንዘብ ይህልወና። ኣብ ቃሉ ዘይርከብ እንተኾይኑ ካብ ህግደፍ ፈልዮም ዝርእዩሉን እምነት ዘንብሩሉን ኩነታት ከምዘይህሉ ዘካትዕ ኣይኮነን። ኣብ ቃልካ ምርካብን ኣብ ቃልካ ምጽናዕን ዝብል ኣበሃህላ እንታይ ኣምጸአ ዝብል ሓታቲ ከምዘይህሉ ንግምት። እንተሃለወ ድማ ዝስዕብ መዘኻኸሪ ብምቕራብ ክነረጋግጸሉ።

ዓሚ ካብ 31 ሓምለ ክሳብ 09 ነሓሰ 2010 ዝተጋብአ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ክካየድ ወሲኑ እዩ። ነቲ ዝካየድ ሃገራዊ ጉባኤ ዘዳሉ ኣካል፡ ተዋጽኦ ዝተፈላለዩ ኣካላት ሕብረተሰብና ዘካተተ 53 ኣባላት ዝሓቘፈ ሃገራዊ ኮምሽን ኣቘሙ። ሓላፍነት ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ድማ፡ ብሄራዊ፣ ሃይማኖታዊ፣ ጾታውን ናይ ዕድመን ተዋጽኦ ዝሓለወ፡ ዝተፋላለዩ ኣካላት ህዝብታትና ዝሓቘፈ፡ ብቐንዱ ወሳኒ ተሳትፎ ህዝብታትና ዘረጋግጸ ብቑዕን ጽፉፍን  ቅድመ ምድላው ዝተኻየደሉ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ምስንዳእ እዩ።

ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ዝበዝሑ ሓይልታት ተቓውሞ ዝተሳተፉ ምኽኣኖምን፡ ብሰፊሕን ወሳንን ተሳትፎ ህዝብታትና ዝሰላሰል ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ክካየድ ድማ ቃል ኣትዮም እዮም። እዚ ንፈለማ እዋን፡ ብሓይልታት ተቓውሞ ዝተኣተወ ቃል፡ ከይተሸራረፈን ከይተጠማዘዘን ተግባራዊ ዝኾነሉ ኩነታት ክፍጠር፡ ከም ሓይልታት ተቓውሞ፡ ቅድመ-ግንባር ኮይና ክንዓዩ ተጽቢት ይግበረልና። ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት፡ ናይ ህዝብታትና ወሳኒ ተሳትፎ ዝዳፋእ ምንቅስቓስ ምግባር፡ ኣብ ቃልካ ዘይምርካብ ስለዝኸውን፡ ናይ ህዝብታትና እምነት ምኽሳር ከስዕብ ይኽእል እዩ። ህዝብታትና ወሳኒ ተሳትፎኦም ብድምጾም ዘረጋግጹሉ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዋት ዝኣተናዮ ቃል ነኽብር።

**ቤት- ጽሕፈት ዜናን ባህልን**
**ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ፡**
03 ነሓሰ 2011